ቤት ፅሕፈት ግልጋሎ ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ዓ/ዓዲ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ናይ ቢል ሶፍት ዌር: ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘሎዎም ናይ ማይ ትቦታትን መገጣጥምን ናይ ኤሌክትሮኒክስ: ንብረታት ከምኡ እዉን ናይ ፈርንቸር ንብረት ብዝወፀ ስፐስፌክሽን መሰረት ካብ ሕጋዉያን ሰብ ሙያ መቕረብትን ሰብ ንብረት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ ዝስዕብ ረቆሒ እተማልኡ ሰብ ሙያ ሕጋዉ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም መጋቢት 12, 2007 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 3, 2007 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:0
- ቦታ:ዓ/ዓዲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:0
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጳጉሜን 5, 2005 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ዕዲጊት ሶፍትዌር/

ምልክታ ግለፂ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ግልጋሎ ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ዓ/ዓዲ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ናይ ቢል ሶፍት ዌር: ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘሎዎም ናይ ማይ ትቦታትን መገጣጥምን ናይ ኤሌክትሮኒክስ: ንብረታት ከምኡ እዉን ናይ ፈርንቸር ንብረት ብዝወፀ ስፐስፌክሽን መሰረት ካብ ሕጋዉያን ሰብ ሙያ መቕረብትን ሰብ ንብረት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ ዝስዕብ ረቆሒ እተማልኡ ሰብ ሙያ ሕጋዉያን መቕረብትን ሰብ ንብረትን ኣብቲ ዝተዳለወ ናይ ግለፂ ጨረታ ሰነድ ክትሳተፉ ትኽእሉ::

ስለዚ ክትጫረቱ እትደሊዩ መቕረብቲ ናይ 2007 ዓ/ም ንግዲ ፍቓድ ዝተሃደሰ ቲን መፍለይ ቁፅሪ ዘለኩም ቫት ተመዘገብቲ ምካንኩም መረዳአታ መለለይ ካርድን ከምኡዉን ናይ መቕረባይነት ወረቐት ዘለኩም ክትወዳደሩ ስለ እትክእሉ ናብ ትካልና ቤት ፅሕፈትና ብምቕራብ ዝርዝር ናይቲ አቐሑት ዝሐዘ ሰነድ ብር 50 ሓምሳ ዘይምለስ ብምኽፋል ካብ ዓዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምርን ብአካል ብምቕራብ ካብ ዕለት 10 /07/2007 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 03 /08/2007 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ዉሽጢ ሰነድ እናመፃእኹም ክትወስዱ ክትዕድጉ ከምእትኽእሉ እናገለፅና ተጫረቲ እዞም ነጥቢታት ኣብቲ ሰነድ ግልፂ ጨረታ ከማልኡ ይግባእ::

1 ምስቲ ስራሕ አግባብ ዘለዎ ናይ 2007 ዓ/ም ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ::

2 ዝተመዝገበሉ መለለይ ካርዲ ዘለዎ::

3 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ቫት ምስክር ወረቐት ዘለዎነ ዝክፍልን::

4 ናይ መቕረባይ ምስክር ወረቀት ክቕርብ አለዎ::

5 ናይቲ ጨረታ መክበሪ ንናይ ቢል ሶፍትዌር ብር 5000 (ሓሙሽተሽሕ) ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም ናይ ማይ ትቦታትን መገጣጠምን ብር 5000(ሓሙሽተ ሽሕ) ናይ ኤለክትሮኒክስ ንብረታትን ብር 4000 (ኣርባዕተ ሽሕ) ከምኡ እዉን ናይ ፈርንቸር ንብረታት ብር 3000 (ሰለስተ ሽሕ) ብኣፍለጦ ዘለዎ ባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ብሽም ቤት ፅሕፈት ግልጋለት ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ዓዓዲ ወይ ከዓ ብጥረ ገንዝብ ዝኽእል:;

6 እቲ ናይ ቢል ሶፍትዌር ግልጋሎት ዘመኑ(Expired data) ዉስን ግዜ ዘይብሉ ማለት ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን (ዓመታት) ዘይዓፅዉ ክኽዉን አለዎ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7 ቫት ሓዊሱ ከመልእ አለዎ::

8 ናይ ወርሒ የካቲት ዴክላረሽን ዝክፈለሉ ኽቕርብ አለዎ::

9 ተጫረቲ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ካብ ዓ/ዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከይዲ ስራሕ ዕ/ፋ/ን /ምም/ ር ብምዉሳድ ብክልተ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ናብቲ ሰነድ ጨረታ መእተዊ ዝተዳለወ ሳፅን የእቱ::

10 እቲ ዝተዳለወ ሳፁን ክሳብ 03/08/2007 ዓ/ም ሰዓት 2:30 ናይ ንጉሆ ክፍቲ ኮይኑ ይፀንሕ::

11 ጨረታ ዝኽፈተሉ ሳፁን ዕለት 03/08/2007 ዓ/ም ሰዓት 2:31 ናይ ንጉሆ ይዕሸግ::

12 ጨረታ ዝኽፈተሉ ቦታ ዓዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋለት ቀረብ መስተ ማይ ከይዲ ስራሕ ዕፁንምምር ኮይኑ ዕለት 03/ 08 /2007 ዓ/ም ሰዓት 2:32 ንጉሆ ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረክብሉ ኣብ ዘይተረኽብሉ እዉን ኣማሊኡ እተተረኺቡ እቲ ጨረታ ፖስታ ዝኽፈት ምካኑ::

13 ዘሸነፈ ተጫራታይ ንዘሸነፈሎም ኣቁሑት መጎዓዓዚ መፅዓንን መራገፍን ባዐሉ ይሸፍን/ ናብ ዓ/ ዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋለት ቀረብ መስተ ማይ የረክብ::

14 ተጫራታይ እቲ ጨረታ አሸኒፉ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ዉዕል ብምእሳር ኣብ ዉሽጢ ዓሰርተ ተከታተለቲ ስራሕ መዓልቲታት ንብረት ብሙሉእነት የቕርብ::

15 ብአሸናፍነት ተመዝጊቡ ብእዋኑ ኣቑሑት ንዘይኣቅረበ መቕረባይ በቲ ናይ ጨረታ ደንቢ መሰረት አብ መዓልቲ 1/1000 ብር ይቕፃዕ::

16 ዝኾነ ተጫራታይ ናይ ጨረታ ዋጋ አብቲ ዝወስዶ ዝተዳለወ ባዶ ጨረታ ሰነድ ብትክክል አቐሚጡ ክወዳደር አለዎ ካብኡ ወፃኢ ብካሊእ ሰነድ ዘቕርብ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይቕበሎን ዉድቂ ይኽዉን::

17 ካብ ዝተቀመጠ ስፐስፊኬሽን ወፃእን አብቲ ቅጥዒ መብረሂ ኣብ ዝብል ምምላእን ኣይፍቀድን::

18 ተወዳዳሪ ተጫራታይ አብ ዘቕርቦ ናይ ግለፂ ጨረታ ሰነድ ሽሙ : ፌርሙኡነ ኣድራሽኡን ማህተመ ናይቲ መቕረባይ (ድርጅት) ብትክክል ዘየቐመጠ ንምንባብ አፀጋሚ ዝኾነ ፊደል ወይ አሃዝ ዘቐመጠ ብቀጥታ ካብቲ ጨረታ ይስረዝ::

19 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስረዝ መሰሉ ሕልዉ እዩ::

20 እቲ ዝቐርብ ሕድ ሕድ ንብረት ኦርጅናል ክኽዉን አለዎ::

21 ናይ ፕሪንተር ኮምፒዩተር ላፕቶፕ ሕድ ሕዶም ናይ ሐደ ዓመት ዉሕስና ክህብ ዝኽእል::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle